## ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ማዕከናት ዜና

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## 15 ጥሪ 2010

1. ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ፡ ዑስማን ሳልሕ ናብ የመን ዝገበሮ ብጽሑት፡ ብዛዕባ'ቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሓይልታት የመን ተዕጥቅን ትዕልምን ኣላ ዝብል ክስታት መብርሂ ንምሃብ ምዃኑ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት የመን ዶክተር ኣቡበከር ኣልቊርቢ ምግላጹ፡ ሳባ ኒውስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና የመን ሓቢሩ።

2. ኤርትራ፡ በርማ፡ ኢኳቶርያል ጊኒ፡ ሊብያ፡ ሰሜን ኮረያ፡ ሶማልያ፡ ሱዳን፡ ቲበት፡ ቱርከመንስታን ኡዝበክስታንን፡ እተን ብምኽባር ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ዝርከባ ሃገራት ምዃነን ፍሪዶም ሃውስ እተባህለ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቕ ትካል ገሊጹ።

3. ኣብ ዶብ ግብጽን እስራኤልን ዝተቐትሉ 39 ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት መብዛሕታኦም ካብ ኤርትራን ሱዳንን ምዃኖም ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል እተባህለ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ገሊጹ።

4. ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ዝተባህለ ንሰብኣዊ መሰል ዝጣበቕ ትካል፡ ብኣጋጣሚ 3ይ ዓመት ሞት ጋዜጠኛ ፍስሃየ ዮውሃንስ (ጆሽዋ) ኣመልኪቱ፡

- ሕቡራት ሃገራት ኲነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምምሕያሽ ዘድሊ ጻዕርታት ክገብር ጸዊዑ። ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ሃለዋት እሱራት ኤርትራውያን ሐበሬታ ንምርካብ ዝከኣሎ ክገብር ኣተሓሳሲቡ።
- ብዛዕባ ሃለዋት ናይ'ቶም ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ 26 ጋዜጠኛታት 2 ሰራሕተኛታት መራኸቢ ብዙሓን ጽጹይ ሓበሬታ ከምጽእ ተማሕጺኑ።
- ስዒድ ኣቡበከር፡ መስራትን ኣዳላውን ጋዜጣ ኣድማስ፣ መድሃኔ ሃይለ፡ መስራትን ኣዳላውን ቀስተደመና፣ ዩሱፍ መሓመድ ዓሊ ኣዳላዊ መጽሔት ጽገናይ ከምኡ ውን ፍስሃየ ዮውሃንስ ኣብ ማእሰርቲ ከምዝሞቱ ጭቡጥ ሓበሬታት ከምዝረኸበ ገሊጹ።
- ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ተነቢሩ ዘሎ ማዕቀብ ኣወንታዊ ኢዩ ይብል።

ከምኡ ውን፡ ኤርትራ፡ እታ ንናጽነት ናይ ጋዜጠኛታት ትግህስ ዝኸፍአት ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ ክብል ገሊጽዋ።

5. ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ስሪላንካ፡ ኣቶ ሮሂታ ቦጎላጋማ፡ ብዛዕባ'ተን ኣብ ኤርትራ ኣለዋ ዝብሃላ" ተቓዋሚ መንግስቲ ስሪላንካ ማለት ታሚል ታይገርስ ኢላም ዝጥቀመለን ዝነበረ ዓሰርተ ስሊን 143Z ዝተባህላ ፈኰስቲ ነፈርቲ ንምጽራይ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ከካይድ ጀሚሩ ከምዘሎ "ዘሚረር ኦንላይን" (The Mirror On Line) ዝተባህላ ማዕከን ዜና ሓቢሩ።